# 153 የሖጕሰካዶ፤

(እብራውያን 13:15)

1. የሖጕሰካዶ፡
   ከተገልግል ብቐንኣት፡
   ዝዓቐምኻ ኽትገብር፡
   ክትሕግዝ ቅኑዓት፤
   እጃምካ ’ተ ጌርካ፡
   ኣምላኽ’ዩ ዚምልኦ፣
   ቅኑዕ ንዝልቡ ሰብ፡
   ናብ ቤቱ ዜምጽኦ።

*(ኣዝማች)*

*ኣየ ሖጕስ፡ ኣቤት ደስታ፡*
*’ተ ሂብና ኹለንተናና፣*
*ወትሩ ኽይሰልከና ነቐርብ፡*
*ፍረ ሽናፍርና።*

2. የሖጕሰካዶ፡
   መልእኽትኻ ኪስሕቦም፡
   ነቶም ልቦም ዘንቀደ
   ንህይወት ዘልኣለም፤
   ገሊኦም ይኣብዩ፡
   ካባና ይእለዩ፣
   ንሕናስ ኣይንሕለልን
   ኣለዉ ዚደልዩ።

*(ኣዝማች)*

3. የሐጕሰኵምዶ፡
ደገፍ ኣምላኽ ምርካብኩም፡
ኣብቲ ኽቡር ዕዮኡ፡
ኣብ ጐድኑ ምዕያይኩም፤
የሐጕሰና’ወ፡
ከነበስር ብትግሃት፡
ክንምስክር’ውን ብቕንኣት፡
ኪድሕኑ ትሑታት።
(ኣዝማች)


© 2016 Watch Tower Bible and Tract Society of Pennsylvania